

7 ሓምለ ስላሴ ን ኣቦና ኣብርሃም ዝተርኣይሉን ምውላድ ኣቦና ይስሓቕ ዘበሰርሉን መዓልቲ እዩ፡ ኣብ ዘፍጥረት 18 እንተ ነቢብና ኣብቲ ብሃርሃረት ቀትረሪ ኣብ ኣፍደገ ድኳኑ ተቐሚጡ እንከሎ እግዚኣብሄር ክግለጸሉ እንከሎ ሰለስተ ሰብኡት ኣብቅድሚኡ ደው ኢሉ ርኣየ ኣብኦም በጺሑ ምስ ሰገደ ኸኣ ኦ ጎይታይ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ እንተ ረኺበስ በጃኻ ንባርያኻ ኅሲኻኒ ኣይትሕለፍ ይብሎም፡ ኣብዚ ሰለስተ ርእዩ ከምሓደ'ዩ ዝልምኖም፡ ቀጺሉ ኸኣ ሒደት ማይ ከምጽኣልኮም እሞ ኣእጋርኩም ተሓጸቡ…ቁራስ እንጌራ ከምጽኣልኩም'ሞ ብልዑ ብድሕሪኡ ትሓልፉ በሎም። ከም ሓደ ክልምን ጸኒሑ መሊሱ ከም ሰለስተ ማይ ተሓጸቡ እንጌራ ብልዑ ይብሎም፡ከምቲ ዝበልካዮ ግበር ክኣ በልዎ። ኣብርሃም ናብ ሳራ ኸይዱ ቀልጢፍኪ ሰለስተ መስፈር ድኹም ሓርጭ ኣቜምጢዕኺ ቀጫጩ ሰንክቲ በላ። ስዒቡ ንኣቦና ኣብርሃም ክፋነውዎ እንከለዉ፡ ብዛዕባ ሰዶምን ጎመራን ከምዘማለደ ንርኢ። ክቡራን ምእመናን ሰብ ብዛዕባ እግዚኣብሄር ምሉእ ገይሩ ክነግር ኣይክእልንዩ፡ ኣብዛ ሓጻር ጽሑፍ ክኣ ብዙሕ ግሉጽ ነገር እኳ እንተሀለወ እኹል ኣይከነን፡ ባዕልና መጽሓፍቲ እናገላበጥና ኣቦታት እናተወከስና ክንፈልጥ ይግብኣናዩ፡ ነዛ ጽሑፍ ብዝበለጸ ንምርዳእ ኸኣ ኦሪት ዘፍጥረት ምዕራፍ 18፡ ምዕራፍ 19 ብምሉኡ ነንብብ።

ስላሴ 7ሓምለ ንኣብርሃም ከምዝተርኣይዎ ብኸመይ ተፈሊጡ፧ ዝብሉ ድኹም ኣተሓሳስባ ዘለዎም ድኹማት ኣለዉ ፡ድኹም ኣተሓሳስባ እንተ ሃሊካ ኸኣ ክትርዳእ ኣይትኽእልን ኢኻ እዞም ከምዚ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ዝተወለድሉ ዕለት ምስእንውከሶም ቀልጢፎም ዕለት ወርሒ ዓመት ይነግሩኻ፡ ኣብቲ ጌዜ ግን እንኳን ዕለት ክቖጽሩ እታ ኩሉ ዝረኽቡላ ጡብ ወላዲቶም'ኳ ኣበይ ከምእትርከብ ኣይፈልጡን እዮም፡ እቶም እምነት ዘለና ግን ቅዱሳት ኣቦታትና ካብቲ ምስኣምላኽና ዝነበሮም ርክብ ብዝመሃሩና ካብቲ ኣምላ ኽ ብመጀመርታ ሰማያትን ምድርን ፈጠረ ብምጅማር ምሸት ኮነ ጊሓትውን ከነ ቀዳማይ መዓልቲ፡ ካልኣይ ሳልሳይ እናበለ ክሳብ ምጽኣትን ድሕሪኡ

ዝኸውንን ስለዝምሃሩናን እቲ ቅድም ዝተነግረና ክሳብ'ዛ ካልኢት እዚኣ ኩሉ ብዘይ ምጉዳል ሓቂ ስለዝኾነ እቲ መጻኢውን እሙን'ዩ፡ ንኣብነት ኢሳያስ 7፡14 እንሆ ድንግል ክትጠነምስ ወዲውን ክትወልድያ እብል፡ቃል ሓቂ ስለዝኾነ ኸኣ ኣዴና ድንግል ማርያም ብድንግላ ንጎይታናን መድሓኒናን ወሊዳ!! ድሕሪ ሓሙሽተ ምዓልትን ፈረቓን ካብ ጓልጓልካ ተወሊደ ከድሕነካየ ከምዝበሎኸኣ ብ5500 ዓ.ዓ ተወሊዱ። ስለዚ ምዓልቲ ዕለት ወርሒ ዓመት ምቑጻር ሎሚ ዝተጀመረ ኣይኮነን። ክትፈልጥ እንተ ደሊኻ ኻኣ ዝፈልጡ መምህራን ናይታ ቅንዕቲ ሃይማኖት ምሕታት የድሊ፡ መኸንያቱ ኩሉ ዘብለጭልጭ ሉል ኣይኮነን ከምዝብሃል ኩሉ ዝምህር ክኣ ፈላጥ ኣይኮነን፡ ብግልጺ መምህራን መናፍቓን እንታይ ይምህሩ ኣለዉ፤ ዘገርም'ዩ ኣምላኽ ሓደ እንከሎ ኦርቶዶክስ ሰለስተ ይገብርዎ፡ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ኣጥምቕዎም ዝበሎም (ማቴ28፡19-20) ብፍጹም ክርድኦም ኣይክኣለን! ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና እናበለ(ዮሃ 10፡30) ኣብርሃም ከይተወልደ ኸሎ ኣነ ኣለኹ እናበለ (ዮሃ 8፤58) ፡ቃል ብመጀመርያ ነበረ እቲ ቃል ኣብ ኣምላኽ ነበረ እቲ ቓልውን ኣምላኽ ነበረ፡ብእኡ ኩሉ ተፈጥረ...14 እቲ ቃል ሰብ ኮነ...( ዮሃ1፤1-14) እናርኣዩን እናሰምዑን ኢየሱስ ኣማላዲ'ዩ ይብሉኻ እዚኸኣ ስለዘይተምሃሩ'ዩ ዘይተምሃረ ክምህር እንከሎ ኸኣ ነቲ ዘይፈልጦ ኣብሊጹ ንዓኻ ኸኣናብፍጹም ዘይትፈልጥ ይልውጠካ፡ ካብዞም ጎደሎ መምህራን እንታይ ክንምሃር ንጽበ፡ክበርሃልና ዘለዎ ግን በጀካ እቶም ውሑዳት ቅዱሳት ኣቦታት እንተ ዘይኮይኖም ኩሉ ሰብ ምሉእ ኣይኮነን፡ እቲ ሓደ ዝፈልጦ እቲሓደ ዘይፈልጦ ኣሎ እናተሓታተትካ ኸኣ ወላ'ኳ ንኹሉ እንተ ዘይተባህለ ነቲ ኣገዳስን ቀንድን ክትፈልጦ ይክኣልዩ፡ እዞም ናይ ጥፍኣት መምህራን ግን ንርእሶም ኣብ ዝጥዕሞም ተቐሚጦም ንሰብ የጥፍእዎ ኣለዉ። እሞ ነስተውዕል ከምቲ ሓሚምና ክንሕከም ክንከይድ እንከለና ሓኪም ብኸእለቱን ተመክሩኡን ንመርጸ ነዞም ናይ ሃይማኖት መምህራና ኸኣ ክንመርጾም ይግብኣና'ዩ። ከምኡ ውን እዚ ኣብላዕሊ ቀሪቡ ዘሎ ስእሊ ናይ ኣጋእዝተ ስላሴ ኣምላኽ ዝርኣዮ የለን እዚ ስእሊ ብኸመይ ተሳኢሉ ይብሉኻ፡ ኩሉ ግዜ ንዝኾነ ብምስትውዓል ክንርእየ እንተ ዘይክኢልና ጎዳኢና'ዩ፡ መጀመርያ ብሰለስተነት ስላሴ ንጠራጠር እንተ ኾይና ዘፍጥረት 1፤26 ንመልከት ***ኣምላኽ ከኣ ብመልክዕናን ከም ምስልና ሰብ ንፍጠር።*** በለ ኣብዚ ወላ ሰለስተ እዮም እንተ ዘይበልና ካብ ሓደ ንላዕሊ ምዃኖም ግን ኣየተሓታትን'ዩ። ማቴ28፤19-20 ምስ ርኣና ኸኣ ሰለስተ ምዃኖም ንትኣማመን። እዚ ስእሊ ኸኣ ከምቲ ነቦና ኣብርሃም ዝተርኣይዎን፡ ጎይታናን መድሓኒናን ንዓይ ዝርኣየ ነቦ ርኣየ ከምዝበለና፡ ኣቦይ ካባይ ይዓቢ ከምዝበለናን ኣቦ ከም እንብሎን ኣብሰማያት ትነብር ኣቦና ከም'ንብልን ብኣምሳል ዓቢ ወይ ሽማግለ ብምምሳል ተሳኢሉ፡ ካብ ሰብ ዝውሃበና መልሲ ኸዕግበና እንተ ዘይክኢሉ ብምልእ እምነትን ጸሎትን ን ኣምላኽና ክንሓትትን መልሲ ክንረኽብን ንኽእል ኢና።

ኣምላኽ ምስ ኩላትና ይኹን ኣሜን